ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ)
THE ERITREAN CONGRESS PARTY

Date ……………………
ዕለት……………………………

# መግለጺ ፈጻሚት ሽማግለ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ)

ኣብ ዕለት 12-9-2016 ወጺኡ ዝነበረ መግለጺ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ):: ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ) ንኣባላቱ ይኹን ንሰልፉ ድሕር ከይበለ ከም ዝከላኸል ንደለይቲ ፍትሒ የፍልጥ። ብመንገዲ ፓልቶክ ኣብ ልዕሊ ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ወሪዶም ዘለዉ ክስታት ከበድቲ ኢዮም። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ምንጭታት ናይቶም ክስታትን፡ ነቶም ተሰንዚሮም ዘለዉ ክስታትን ከጽንዕ ሰልፍና ሓላፍነት ኣለዎ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ብውሽጣዊ ኣገባብ ሰልፍናን መስመራት ሰልፍናን ሓቅነትን ዘይሓቅነትን ናይዞም ክስታት መጽናዕቲ ክንገብር ኢና ውጽኢት መጽናዕትና ድማ ንደልይቲ ፍትሒ ከነፍልጥ ኢና። ክሳብ ሽዑ ግን ብትዕግስቲ ተጸበዩና። ኢልና ነበርና፡ ብመሰረት መግለጺ ሰልፍና ፎርማሊት ምእንቲ ከነማልእ ንኣድሚን ስመር ሩም1 እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ከም ዝልኣኽና ከነፍልጥ ንፍቱ። እቲ ዝተላእከ መልእኽቲ ድማ እዚ ዝስዕብ ነበረ፦

2016-12-26 ካብ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ) ፈጻሚት ሽማግለ፡ ናብ ኣካየድቲ ፓልቶክ ስመር ሩም 1 ብጉዳይ ሶሻል ሜድያ ተቓወምቲ ውድባት ንሶሻል ሜድያ ክጥቀሙ ዝድገፍ ኮይኑ፡ እንተኾነ ኣብ ኣጠቓቕማ ብመሰረት ንነፍሲ ወከፍ ሶሻል ሜድያ ዝቕይድ ሕግታት ተቐይደን ኣገልግሎት ክህባ ትጽቢት ይግበረለን። ሓደ ካብ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ ሶሻል ሜድያ ፓልቶክ ኮይኑ ካብ ካልኦት ሶሻል ሜድያ ዝፈልዮ ንዝወጸ ጽሑፍ ብጽሑፍ  መልሲ ክትህብ ዘይክኣል ምዃኑ እዩ። እዚ ኮይኑ ግን ፓልቶክ ከም ኩሎም ካልኦት ሶሻል ሜድያ ናብ ዝኾነ ኣካል ዝቖንዔ ጠቕነ ይኹን ክሲ ከእንግድ ሕጊ ከምዘይፈቅድ ንኹልና ብሩህ ምዃኑ ንኣምን። ስለዚ እዩ ድማ ዝኾነ ጸለመን ክስን እሞ ኸኣ ዝኾነ መርትዖታት ከየቕረበ ዝኾነ ሰብ ንማንም ወልቀ-ሰብ ይኹን ዝኾነ ትካል ክኸስስ እንከሎ ተራ ናይ ኣድሚን  እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ዘማእክል እንታይ ሕጋታት ኣሎ ዝብል ሕቶ ዘልዕል። ንብጻይ ሃይለ ተኪኤ ብዝምልከት ካብቲ ኣብቲ ፓልቶክ ዝወጸ ተበጊሱ ኣዋጃት ስለዝወጸ እሞ እቲ ካብ ፖልቶኩም ዝተዘርግሔ ኣሉታዊ ሓበሬት ድማ ናይ ሞት ክሲ ስለ ዝሓዘለ ኣብ ግቡእ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ እቲ ከሳሲ ስሙን ስም ኣቡን ገሊጹ ኣብ ሓደ ንሱ ዝመረጾ ቤት ፍርዲ ከቕርቦ ብሃገርዊ ምክብባር ንጥይቕ። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ስትራተጂ ዓዲ፡፡

ፈጻሚት ሽማግለ ከምዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ንስመር ሩም ዋን መልእኽትና ልኢኽና ነበርና። ነቲ ኣብ ልዕሊ ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ዝተወርወረ ክሲ ብመቕተልቲ ስለዝተኸሰ እንሆ ኣብዞም ዝሓለፉ እዋናት ብደቂቅ ከነጻሪ ጻኒሕናን ሰንቢትናን። ሓደ ሰብ ብቕትለት ክኸስስ ከሎ ስሙን ስም ኣቡኡን ምሉእ መንነቱን ኣፍሊጡ እዩ ክሲ ዝውጅህ። ናይቶም ዝተቐትሉ ኣስማት እውን ክህብ ይጥለብ። እዚ ብሓደ ሸነኽ ክኸውን እንከሎ እቶም ሰብና ኣጥፊኡልና ዝብሉ እንተሃለዉ እውን ነቲ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኣጥቢቖም ክከታተሉ ምሉእ መሰሎም እዩ። ስለዚ ክሳዕ ሓደ ጭቡጥ ነገር ዝርከብ **ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ብዓይኒ  ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ) ካብ ዝኾነ ክሲ ነጻ እዩ።** ጭብጢ ዘለዎ ኸኣ ስሙን ስም ኣቡኡን መላእ መንነቱን ኣቕሪቡ ክሲ ክምስርት ንላቦ። ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ኣብ ሰልፍና 2013 ኣባል ሰልፍና ኰነ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ሃይለ ተኪኤ ክፍለጥ ንደልዮ ጉዳይ ድማ ቅድሚ ኣብ ሰልፍና ኣባልነቱ ዝረጋገጽ ምሉእ ተቓዋማይ ምዃኑ ድሕሪ ምእዋጅን ኣብ ምስረታ ሰልፊ ግምባር ዓደቦ ኣባል መሪሕነት ከም ዝነበረ ነዘኻኽር። ድሕሪኡ ድማ ምሉእ ተቓዋሚ ከምዝኾነ ምስ ፈለጥና ኢና ኣብ ሰልፍና የእቲናዮ። ስለዚ ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ብዓይኒ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ስትራተጂ ዓዲ ምሉእ ብምሉእ ተቓዋማይ እዩ። **በዚ መሰረት እዚ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን ክሳብ ነዚ ዝቐረበ መግለጺ ዝጻረር መርትዖ ዘይቀረበ ከም ንጹህ ተቓዋሚ ክፈልጥዎ ንምሕጸን።**

ፈጻሚት ሽማግለ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ)
ስቶኮሎም 21-02-2017 ዓ/ም

**Thanks in advance for your assistance in this matter.**